# ምቅባል ተመሃሮ: ምምላስ ናብ ውሑስ ቤት-ትምህርቲ

ቤት-ትምህርትን ምህሮ ኣብ ክፍሊ ኮይንካን ንኹሎም ኣብ ህዝባዊ ይኹን ኣብ ናይ ብሕቲ ዘለዉ ተመሃሮ ሰሉስ ዕለት 8 መስከረም ክጅመር እዩ። ንዓኹምን ንስድራቤትኩምን ዝሕግዝ ሓበሬታ እንሆ፥

**<u>ሰዓታት ቤት-ትምህርቲ</u>**

- ካብ ኣዚሎ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ዘለዉ ተመሃሮ 5 መዓልቲ ኣብ ሰሙን ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንትምህርቲ እኽዱ።
- ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘለው እታ ቤት-ትምህርቶም ብውሑስ ርሕቀት ሓልያ ከተምህር እንተኺኢላ፣ 5 መዓልቲ ኣብ ሰሙን ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ እመጹ። ኣብ ናይ ቤት-ትምህርትኹም ወብ ሳይት ኣቲኹም ኣረጋግጹ።
- ፍሉይ ጠለብ ዘለዎም ተመሃሮ 5 መዓልቲ ኣብ ሰሙን ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንትምህርቲ ክኸዱ እፍቀዶም። እዚ ናይ ቋንቋ ደገፍ ዘድልዮም ተመሃሮ የጠቃልል-ኣብ ቤት-ትምህርትኹም ኣረጋግጹ።
- ምጅማርን ምፍዳስን ትምህርቲ ከምዘለዎ እጸንሕ፡ ከምቲ ቅድሚ ኮቭድ ዝነበረ ማለት’ዩ። ርግጸኛታት ምስ ዘይትኾኑ፣ ኣብ ናይ ቤት-ትምህርትኹም ወብ ሳይት ኣቲኹም ኣረጋግጹ ወይ ድማ ናብ ቤት-ጽሕፈት ትምህርትኹም ደውሉ።
- ወለዲ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክኣትዉ ኣይተባባዕን። ኣብ መእተውን መውጽእን ምቁጽጻር ኣሎ፣ ወለድን በጻሕትን ናብ ቤት-ጽሕፈት ክሕብሩ ኣለዎም።

**<u>ፍልልይ ካብ ርሕቀት ምምሃርን ኣብ ገዛ ትምህርትን</u>**

- ናይ ርሕቀት ትምህርትን ኣብ ገዛ ትምህርትን ዝተፈላለየ እዩ። ኣብ ገዛ ትምህርቲ ማለት ባዕልኻ ብዘይ ናይ ወለ-ሓደ ሓገዝ ብገዛእ ርእስኻ ንደቅኻ ኣብ ገዛ ምምሃር ማለት እዩ። ተወሳኺ ጻዕርን

ወጻኢታትን ድማ ኣለዎ። ካብ ርሕቀት ምምሃር ማለት ድማ ብሓገዝ ኣባላት ቤት-ትምህርቲ ኣብ ርሑቅ/ገዛ ኮይንካ ምምሃር ማለት እዩ።

- ኣብያተ-ትምህርቲ ንኣብ ገዛ ኮይኖም ዝመሃሩ ተመሃሮ ኣይክሕግዛን እየን፣ ብዘይካ ብቁዕ ምኽንያት ምስ-ዝህሉ፣ ንኣብነት ናይ ዶክቶር ወረቀት። ውላድኩም ብሕማም ንኽጥቃእ ተኽእሎ ልዑል ምዝኸውን፣ ኣጠቓላሊ ትምህርትታት (school division) ውልቃዊ ውጥን ንኣብ ርሕቀት ኮይኑ ክመሃር ዝግደድ ውላድኩም ከውጽእ እዩ። እዚ ውልቃዊ ውጥን ንኽዳለወልኩም መታን ንኣጠቓላሊ ትምህርትኹም (school division) ርኸቡ/ኣዘራርቡ።
- ስድራቤት ኣብ ገዛ ኮይኖም ብውልቆም ክምህሩ ምስ ዝጅምሩ ደሓር ግን ንደቆም ናብ ቤት-ትምህርቲ ክመልሱ ምስ ዝደልዩ ቤት-ትምህርቶም ኣብ ፍርቂ-ዓመት ክትቅበሎም ግዴታ ኣለዋ።
- ኣብ ገዛ ምምሃር ምስ ብርሕቀት ምምሃር ተደናጊርኩም እሞ ብጌጋ ተረዲእኩም ከይፈለጥኩም እምድሕር ደኣ ብኽም'ኡ መሰረት ውላድኩም ኣመዝጊብኩም፣ ንቤት-ትምህርትኹም ብቕጽበት ክትሕብሩ ኣገዳሲ እዩ።

## ካብ ኮቪድ ንምድሓን ንወስዶም ስጉምትታት

- መማህራንን ኣባላት ቤት-ትምህርትን ስልጠና ካብ በዓል መዝታት ህዝባዊ ጥዕና ክወሃቡ እዮም።
- ኣገደስቲ መንገድታት ውሑሳት ንኽንከውን፥
    - 6ስድሪ ወይ 2-ሜትሮ ርሕቀት ካብ ካልእ ሰብ ክንሕሉ። እዚ ድማ ኣካላዊ ርሕቀት እበሃል።
    - ኣብ ህዝባዊ በታታት ወይ ጥቓ ካልእ ሰብ ኣብ ንኾነሉ ግዜ ኣፍናን ኣፍንጫናን ዝሽፍን ማስኬራ (mask) ክንለብስ።
    - ማይን ሳሙናን ብምጥቃም ብቀጻሊ ኣእዳውና ን20 ካሊኢታት ዝኣክል ምሕጻብን ምጽራይን።
    - ምስ ሰባት ብኢድ ሰላም ዘይምባል ወይ'ውን ዘይምሕቋፍ።
    - ናይ ውልቁኹም ንብረት ምስ ካልእ ዘይምምቓል፣ ንኣብነት መግቢ፣ መተርኽሲ ከንፈር፣ መትሓዚ ጸጉሪ፣ መሸፈኒ ኣፍን-ኣፍንጫን። መቀመጢ ኣቑሑ ተመሃሮ (Lockers) ኣብዚ ዓመት እዚ ኣይክንጥቀመሎምን ኢና።
    - ዓይንኹም፣ ኣፍንጫኹምን ኣፍኩምን ኣይትሓዙ።
    - ኣብ እጅገ-ኢድኩም ምስዓል ወይ ምሕንጣስ ወይ ሶፍት ምጥቃም ብድሕሪ'ኡ ድማ ብቕጽበት ኢድኩም ምሕጻብ።
    - እንድሕር ድኣ ምልክታት ኮቪድ ኣርኢኹም፣ ካብ ማኒቶባ ወጻኢ እንተ ተጓዒዝኩም ወይ ምስ ኮቪድ ኣለዎ ተባሂሉ ዝተጠርጠረ ሰብ እንተ ቀሪብኩም ኔርኩም ኣብ ገዛ ጽንሑን ተገለሉን።

## ምመያ ምልክታትን ገዛ ምስዳድን

- ምልክታት ኮቪድ ከምዘይብሎም ንምርግጋጽ፣ ወለዲ መዓልታዊ ቅድሚ ንደቆም ንምህሮ ምስዳድ መመያ ክገብሩሎም ኣለዎም፥
    - ረስኒ ወይ ገብገብ
    - ሰዓል ወይ ጸረርታ ኣፍንጫ

- ናይ ምትንፋስ ጸገም
- ምቅርጣም ጫዋዳ ወይ ድኻም
- ዕግርግር ወይ ተምላስ

- ደቅኹም ምልክታት ምስ ዝህልዎም ኣብ ገዛ ሓዝዎም፣ እንድሕር ናብ ቤት ትምህርቲ ሰዲድክምዎም ክምለሱ እዮም።
- ውላድኩም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምልክታት ምስ ዘማዕብል ብቅጽበት ክትሕበሩ ኢኹም፣ ብቅልጡፍ መጺኹም ድማ ትወስድዎም። ክሳብ መጺኩም ትወስዱዎም ድማ ካብ ክፍልን ካልእ ሰባትን ተገሊሎም ክጸንሑ እዮም።
-

## ጉጅለታት ተመሃሮ

- ተመሃሮ ኣብ ንኣሽቱ ግሩብ፣ጉጅለታት (cohorts) ክምቀሉ እዮም፣ ንኣብነት ኣብ ክፍልታት
- ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ጉጅለታት 4 ሜትሮ ክረሓሓቃ ኣለወን። ኣብ ሞንጎ ናትካ ጉጅለ ድማ 1-ሜትሮ ርሕቀት ይፍቀድ እንተኾነ ግና ተመሃሮ ምስ ካልእ ጉጅለታት ክተሓዋወሱ ኣይፍቀድን።
- ጉጅለታት ንትምህርቲ ዝኣትዉሉን ዝፍደስሉን ሰዓታት ፋሕ-ፋሕ ዝበለ/ዝተፈላለየ እዩ፣ ስለዚ ውላድኩም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሰዓት ክንደይ ክበጽሕ ከምዘለዎን ሰዓት ክንደይ ከምዝምለስን ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።
- ንምሳሕን ንዕረፍት ምስ ጉጅለኦም ብሓንሳብ እወጹ። ናይ ምሳሕን ዕረፍትን ሰዓታት ድማ ዝተፈላለየ እዩ።
-

## ማስኬራታትን ናይ ውሕስነት ኣቅሓን

- ተመሃሮ 4ይ ክፍልን ልዕሊኡን ኣብ ውሽጢ ቤት-ትምህርቲ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን (mask) ክገብሩ ኣለዎም
- ንትሕቲ 4ይ ክፍሊ ዘለዉ ተመሃሮ ወለዲ እንተደልዮም መሸፈኒ/ማስክ ክገብሩሎም እኽእሉ።
- ኣብ ኩለን ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣውቶቡሳት ካብ 4ይ ክሳብ 12 ክፍሊ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ናይ ግድን እዩ። ዘዋሪ ኣውቶቡስ እንኮላይ መሸፈኒ ክገብር ኣለዎ።
- ንውላድኩም ተመሊስካ እትጥቀመሉ ማለት ዝሕጸብ መሸፈኒ/ማስክ ክትህብዎም ፈትኑ። ንመሸፈኒ'ኦም ምልክት ግበርሉ ከም'ኡ ድማ ባዕሎም ከመይ ጌሮም ከም ዝገብርዎን ዘውጽእዎን ኣለማምድዎም።
- መሸፈኒኹም ቅድሚ ምግባርኩም ሕጸቡን ኣጽርዩን (ዝሕጸብ እንተኾይኑ) መሸፈኒኹም ቅድሚ ምግባርኩም ጽሩይ ምዃኑን ረሳሕ ነገራት ከምዘይተንከፈን ኣረጋግጹ።
- ውላድኩም ዝገብሮ ናይ ሕክምና ዘይኮነ መሸፈኒ እንተዘይብልኩም ንቤት-ትምህርቲ ሓብሩ፣ ክህብዎም እዮም።

## ቅድምን ድሕርን ትምህርቲ መደባት

- ብዘይካ መውዓሊ ህጻናት ዝበዝሓ ኮማዊ መደባት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኮይነን ኣይክሰርሓን እየን። ዝበዝሐ ድሕሪ ትምህርቲ መደባት'ውን ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣይክካየድን እዩ።
- ብዛዕባ ካልእ ምርጫ ምስ ቤት-ትምህርትኹምን ኮማዊ ማሕበራትን ኣረጋግጹ።

- ጠዓሞት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣይክወሃብን እዩ። ተመሃሮ ናቶም ሒዞም ክመጹ ኣለዎም።
- ናይ ምሳሕ ግዜ ኣሎ እንተኾነ ግና ኣብ ክፍልታት እዩ።

**<u>ዝያዳ ሓበሬታ</u>**

- ዝተሓደሰ ኩሉ ወግዓዊ ጸብጻብ ብትምህርቲ ናብ ወለዲ ክለኣኽ እዩ። ሓድሽ ሓበሬታ ክበርሃልኩም ሓገዝ ምስ ትደልዩ ምስ ቤት-ትምህርቲ ወይ ኮማዊ ደገፋት ተራኸቡ።